# ብምኽንያት COVID-19 ንዝመጽእ ከቢድ ሕማም ዘለኹም ናይ ተቃላዒነት ስግኣት እንድሕርወሲኹ እንታይ ምግባር ትኽእሉ

## ንከቢድ ሕማም ዝለዓለ ተቃላዒነት ኣለኹም ዶ?



ስጋዕ ሕጂ ብዘለና ፍልጠት መሰረት፣ ብምኽንያት COVID-19 ንከቢድ ሕማም ብዝበለጸ ተቃላጺ ዝኾኑ ሰባት እዚኦም እዮም፡

- ሽማግለታት/ኣረጊታት
- ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ዝርከቡን ዝስዕቡ ናይ ጥዕና ኩነታት ዘለዎም ሰባት፡
  - ካንሰር
  - ከቢድ ናይ ኩሊት ሕማም
  - COPD (ከቢድ ናይ መተንፈሲ ኣካል ምዝጋዕ ሕማም)
  - ብምኽንያት ናይ አካል ትራንስፕላንት ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝተዳኸመ ሰባት
  - ሕሉፍ ርጉዲ (ቦዲ ማስ ኢንዴክስ [ቢኤምኣይ] 30 ወይ ዝለዓለ)
  - ከቢድ ናይ ልቢ ሕማማት፤ ኣብነት ድኻም ልቢ፣ ሕማም ኮሮናሪ ኣርተሪ ወይ ሕማም ጭዋዳ ልቢ
  - ናይ ሲክል ሴል ሕማም
  - ዓይነት 2 ሕማም ሽኮርያ

## ዓርስኹምን ካልኦት ሰባት ንምሕላዉ ሓግዙ፡



### ቕድሚ ምብጋስ





ምስ **ክንክን ጥዕና ኣቕራቢኹም** ብምዝርራብ **ናይ ሕክምና መዝገብኩም** ኣዳልዩ።





ን 12 **ሰሙን ዝኣክል** መድሃኒት ተቐበሉ።




### ኣብ እዋን ጉዕዞ



ማስክ **ግበሩ**።



**ኣእዳውኩም ተሓጸቡ** ወይ ኣልኮል ዘሎ **ናይ ኢድ ሳኒታይዘር** ተጠቐሙ።





ምሳኹም ካብዘይነብሩ ሰባት ናይ ቐረባ ንክኪ ኣወግዱ (2 ሜትር/ 6 ጫማ)።




### ድሕሪ ምብጻሕ



**ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ድሕር ምብጻሕኩም 14 መዓልታት ብዝተኻኣለኩም መጠን ኣብ ገዛኹም ጽንሑ።**



ናይ COVID-19 ምልክታት ብንቕሓት ተኸታተሉ። እንድሕርተሓሚምኩም፣ መጠን ረስኒ ተቆፃፀሩ።



**'ኣብ እዋን ጉዕዞ'** ዝተዘርዘሩ ስጉምቲ ምውሳድ ቀፅሉ።



### እንድሕርተሓሚምኩምን COVID-19 ከምዘለኹም እንድሕርመሲልኩም፡



**ኣብ ገዛኹም ጽንሑ።** ምስ ካልኦት ሰባት ናይ ቀረባ ንኽክእ ኣወግዱ።



ምስ **ክንክን ጥዕና ኣቕራቢኹም** ን **ናይ ዳግመ-ምስፋር ኬዝ ሰራሕተኛ ተዘራረቡ።** ምስ ናይ ሕክምና ኣቕራቢኹም ንምዝርራብ ናይ ቋንቋ መስተርጎሚ እንድሕርደሊኹም፣ ናይ ኬዝ ሰራሕተኛኹም ከሕግዘኩም ይኽእል እዩ።



**ህጹጽ ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት እንተሃሊይኩመ (ናይ ምትንፋስ ጸገም ሓዊሱ) ናብ** 911 **ብምድዋል** ህጹጽ ናይ ሕክምና ሓገዝ ሕተቱ።

እንድሕርተሓሚምኩም ናብ ክንክን ጥዕና በዓል ሞያ ደዉሉ።

ዓርስኹም ከመይ ንምሕላዉ እንታይ ዓይነት ስጉምታት ምውሳድ ከምዝትኽእሉ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናይ CDC ዓርስኹም ከመይ ትሓልዉ ዝብል ጽሑፍ ረኣዩ።

cdc.gov/coronavirus


318235-Q August 7, 2020 2:09 PM